CAMPUS MÖLNDAL

# ቋንቋ ሽወደን ወጻእተኛታት - ኤስ ኤፍ ኢ - SFI

## ኤስ ኤፍ ኢ SFI እንታይ እዩ?

ኤስ ኤፍ ኢ፡ መባእታዊ ኮርስ ቋንቋ ሽወደን እዩ። ዕድመኻ ልዕሊ ዓሰርተ ሾመንተ ኮይኑ ቋንቋ ሽወደን ቋንቋ ኣደኻ ምስ ዘይከዉን፡ ኤስ ኤፍ ኢ SFI ክትመሃር ትኽእል።

ሽወደን፡ ምዝራብ፡ ምንባብ፡ ምጽሓፍን ምርዳእን ትመሃር። ኣብ መዓልታዊ ህይወትካ፡ ናይ ስራሕ ህይወትካን ኣብ ሕብረተ ሰብን፡ ቋንቋ ሽወደን ንምጥቃም ትለማመድ።

ኣብ ካምፑስ ሞልንዳል ኤስ ኤፍ ኢ እትመሃር፡ 15 ሰዓታት ኣብ ሰሙን ንክትመሃር ሰዓታት ትምህርቲ ተዋዲዱልካ ኣሎ።ምሸታዊ ክትመሃር እዉን ትኽእል ኢኻ።

ሙህሮ፡ ካብ ክፍሊት ነጻ እዩ።
ኮርስካ ምስ ወዳእካ፡ ምስክር ወረቐት ይወሃበካ።

## መንገድታት ሙህሮን ኮርሳትን

ኤስ ኤፍ ኢ፡ ካብዞም ሰለስተ መንገድታት ሙህሮ ኤስ ኤፍ ኢ 1፡ ኤስ ኤፍ ኢ 2 ወይ ድማ ኤስ ኤፍ ኢ 3፡ ኣብ ሓዲኦም ትመሃር።
እቲ እትጅምሮ ናይ ሙህሮ መንገዲ፡ ምስ ኣቐድሙ ዝጸንሓካ ደረጃ ኣብ ግምት ብምእታዉ፡ ምሳኻ ዝሰማማዕ'ዩ ዝኸዉን።

ኤስ ኤፍ ኢ፡ ኣርባሽተ ዝተፈላለዩ ኮርሳት ኣለዉዎ። ኮርስ ኤይ A፡ ኮርስ ቢ B፡ ኮርስ ሲ C፡ ኮርስ ዲ D።

## መንገድታት ሙህሮን ኮርሳትን ብዝርዝር፡

- ኤስ ኤፍ ኢ 1፡ ኣብ ዓድኻ ሓጺር ወይ ድማ ፈጺሙ ናይ ሙህሮ ድሕረ ባይታ ምስ ዝጸንሓካ። ጀማሪ ኣብ ቋንቋ ሽወደን፡ ኣብ ኮርስ ኤይ A እዩ ዝጅምር።
- ኤስ ኤፍ ኢ 2፡ ኣብ ዓድኻ ሓጺር ናይ ሙህሮ ድሕረ ባይታ ምስ ዝጸንሓካ። ጀማሪ ኣብ ቋንቋ ሽወደን፡ ኣብ ኮርስ ቢ B እዩ ዝጅምር።
- ኤስ ኤፍ ኢ 3፡ ኣብ ዓድኻ፡ ነዊሕ ናይ ሙህሮ ድሕረ ባይታ (እንተወሓደ ናይ 10 ዓመት) ምስ ዝጸንሓካ። ጀማሪ ኣብ ቋንቋ ሽወደን፡ ኣብ ኮርስ ኤይ C እዩ ዝጅምር።

ኣብ ናይ ኤስ ኤፍ ኢ ሙህሮ፡ ዝተፈላለየ ሰብ ዝተፈላለየ ግዜ እዩ ዝወስደሉ፡ ኣቐዲሙ ዝጸንሓካ ክእለት ቋንቋ ሽወደን ወሳኒ ኮይኑ፡ ኣበየናይ መንገዲ ሙህሮ ከምእትመሃርን ክሳብ ክንደይ ቀልጢፍካ ናይ ምሓዝ ዓቕሚ ኣለካን'ዉን ወሳኒ ግደ ኣለዎ።

## ኤስ ኤፍ ኢ ኣብ ካምፑስ ሞልንዳል ክመሃር ዝኽእል መን እዩ?

16 ዓመትን ልዕሊኡን ምስ ዝኸዉን ዕድመኻ፡ እሞ ኸኣ ቋንቋ ሽወደን ቋንቋ ኣዴኻ ምስ ዘይከዉን፡ ኤስ ኤፍ ኢ ክትመሃር ትኽእል ኢኻ።

*ካብ ኤ ዩ EU ወጻኢ ዝኾና ሃገራት ዝመጻእካ፡*

- ናይ ሽወደን፡ ሙሉእ ፐርሶን ኑመር (ዕለተ ልደት ምስ ኣርባዕተ ቁጽሩ) ክህልወካ ኣለዎ።
- ኣብ ቁጽሪ ህዝቢ ሞልንዳል ሙዝጉብ ክትከዉን ኣለካ።

*ዜጋ ናይ ኤ ዩ-/ኢ ኢ ኤስ EU-/EES ዌኢ ድማ ዜጋ ናይ ስዊስ ምስ እትኸዉን፡*

- ተቐማጢ ናይ ሞልንዳል ክትከዉን ኣለካ። ፓስፖርትኻ'ዉን ክተርኢ ኣለካ።

## ኣብ ኤስ ኤፍ ኢ፡ ከመይ ገይረ እየ ዝምዝገብ?

ናብ ካምፑስ ሞልንዳል፡ መርሓ መንገዲ ሙህሮን ሞያን ብምኻድ ኢኻ እትምዝገብ።
መርሓ መንገዲ ሙህሮን ሞያን ዝኽፈተሉ ሰዓታት፡ ካብ ሰኑይ ክሳብ ሓሙስ ካብ ሰዓት 10 – 12 ን ሰዓት 13 – 15 ከምኡ'ዉን ዓርቢ ካብ ሰዓት 10 – 12 እዩ። ናይ ምብጻሕ ኣድራሻ፡ Göteborgsvägen 97 i Mölndal (ኣብ ከባቢ ፋብሪካታት ክሮክስሌት Krokslätts Fabriker)።

ድሕሪ ምምዝጋብካ፡ ንዝርርብ፡ ሓደ ካብ መምህራን ክራኸበካ እዩ። ኣብ'ቲ ንዓኻ፡ ናይ ትምህርቲ ደረጃ ድሕረ ባይታኻ ዝሰማማዕ መንገዲ ሙህሮ፡ ኮርስ ናይ ኤስ ኤፍ ኢ ክትምደብ ኢኻ።

## ብዛዕባ ኤስ ኤፍ ኢ ዝያደ ሓበሬታታት ክትፈልጥ ትደሊ ዲኻ?

ኣቓራጭ፡ <u>ናይ ትምህርቲ በዓል መዚ፡ ሓበሬታታት ኤስ ኤፍ ኢ ንዓበይቲ። (Skolverkets information om SFI för vuxna)</u>

## ትምህርቲ ሞያ ምስ ደገፍ ቋንቋ

ትምህርቲ ስልጣና ሞያ፡ ሙህሮ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ እዩ። እዚ ሙህሮ'ዚ፡ ኣብ ሓደ ፍሉይ ክሊ ሞያ እዩ ዘምርሕ። ኣብ ትምህርቲ ስልጠና ሞያ ምስናይ ደገፍ ቋንቋ፡ ሓደ ሞያ ንኽተጥሪ ኢኻ እትመሃር፡ ማዕረ ማዕረኡ ድማ ኤስ ኤፍ ኢ፡ ሽወደን ከም ካልኣይ ቋንቋ፡ ክትመሃር ትኽእል። ወይ ድማ ኣብቲ ኮርስ ቋንቋ ሽወደን እንዳተሓገዝካ ትመሃር።

<u>ብዛዕባ ስልጠና ሞያ ምስ ደገፍ ቋንቋ ዝያዳ ኣንብብ።</u>